# ትእምርቲ ሓምሳይ ማሕተም
# ራእይ 6፥9-11

## ጥርዓንን እህህታ ሰማእታት

ብዛዕባ እቲ መደናግርን ሕሱምን ዝኾነ ዘበን ጸረ ክርስቶስ፡ ብትእምርትታት እቶም ኣርባዕተ ኣፍራስ ኣብ ዝሓለፈ ናይ ምዕራፍ 6፥1-8 ተሓቢሩልና ኣሎ። ሽዑ፡ ንኣመንቲ፡ ጊዜ ናይ ሰማእትነት ብብዝሒ ኪኸውን እዩ። ነፍሳት እቶም ሰማእታት ኣብ ሰማይ ምስ ኣተዉ ኽይተረፈ፡ በቲ ዘሕለፍዎን ገና ድማ ኣብ ምድሪ ኣብ ልዕሊ እቶም ዝተረፉ ብጸቶም ዚቕጽልን ግፍዕታት መሪርዎም ናብ ኣምላኽ ከም ዚጠርዑን፡ እቲ እተዋህቦም መልስን ኣብ ራእይ 6፥9-11 ይነግረና እሞ። ኣብኡ ገጽና ኽነተኵር።

---

### ዮሃንስ ዝረአዮን ዝሰምዖን

1. ምፍታሕ እቲ ሓምሳይ ማሕተም (6፥9)።
2. እተሰውኡ ኣመንቲ (6፥9)
   2.1. ኣገባብ መስዋእቶም፡
   2.2. እተሓርድሉ ምኽንያት፡
3. እተሰውኡ ነፍሳት (6፥9)።
4. ኣብ ትሕቲ መሰውኢ ርእይዎም፡
5. ጥርዓን ስዉኣት (6፥10-11)
   5.1. ዓው ዝበለ ጥርዓኖም፡
   5.2. ጕዳይ ጥርዓኖምን ናብ መን?
   5.3. መልሲ ጥርዓኖም፡ ካብ መን?

### 1. ምፍታሕ እቲ ሓምሳይ ማሕተም

ትሕዝቶ እቲ ሓምሳይ ማሕተም መዝገብ ናይ ሰማእታት ናይ ዘበን ጸረ ክርስቶስ እዩ። ምፍታሕ ናይቲ ማሕተም ድማ እቲ ሽዑ ዝኸውን ብምዱብ ጊዜኡ ኺፍጸም፡ የሱስ ክርስቶስ ድማ ይኹን ከም ዝሓደጎ የመልክት። እዚ ማለት፡ ኣምላኽ ፈቒድዎ፡ ኣመንቲ ናይ እዚ ዘበን፡ በዚ መሪር ተመክሮታት ኺሓልፉ እዮም።

እንተ ኾነ እውን፡ ኣምላኽ ዚዘንግዖ፡ መኣስ ድኣ ፈሊጠ ዚብሎ፡ ሽለል ዚብሎ ጸበባ ናይ ደቁ ኣብ ኩሉ ዘበናት ገለ እኳ የልቦን።

"ንስኻትኩምሲ ኸሎን ጸጕሪ ርእስኹም እኳ ቑጹራት እየን። …" (ማቴ 12፥7)።

### 2. እተሰውኡ ኣመንቲ

2.1. ኣገባብ መስዋእቶም።

ብዛዕባ ፍሉይ ትሕዝቶ እዚ ማሕተም እዚ በታ "እተሓርዱ" እትብል ቃል ተመልኪቱልና ኣሎ። እተሓርዱ ኪብል ከሎ ብሰማእትነት ዚሞቱሉ ኣገባብ ይሕብር- ማሕረዲ።

ሰማእትነት እስጢፋኖስ ብዳርባ እምኒ (ግብ 7፥59)። ናይ ያእቆብ፡ ሓው ሃዋርያ ዮሃንስ፡ ብምስያፍ (ግብ 12፥2)። ካልኦት ድማ ብእተፈላለዩ ኣገባባት፡ (ብመግረፍቲ፡ ብሓዊ፡ ብኣራዊት፡ ብዘገም ስቅያት፡ … ወዘተ) ከም እተገፍዑ ኣብ ታሪኽ ተመዝጊቡ ኣሎ። በዚ ዘበን ጸረ ክርስቶስ ድማ ዝመረረ ኪኸውን እዩ - ብማሕረዲ ብብዝሒ።

2.2. እተሓርድሉ ምኽንያትከ?

ስለምንታይከ እዩ እቲ መንግስቲ ጸረ ክርስቶስን ሰዓብቱ ህዝብታት ዓለምን ነዞም ኣመንቲ ዝሓርድዎም ዘለዉ? ራእይ 6፥9 ክልተ ነጥብታት ዝዓመመ መልሲ ይህበና። "ስለ ቓል ኣምላኽን ስለቲ ዝነበሮም ምስክርን እተሓርዱ" ምኽኖም ድማ ይሕብር።

"ስለ ቓል ኣምላኽ … እተሓርዱ" እዮም። ነዞም ኣመንቲ ሰዓብቲ የሱስ ክርስቶስ፡ በዚ ዘበን ጸረ-ክርስቶስ ኣብ ማሕረዲ ዘብጽሕ ገበኖም ቃል ኣምላኽ እዩ። እዚ ቀደም ብታሪኽ ዝተፈጸመ፡ ሕጂ ኣብ ቅድሚ ዓይንና ኺፍጸም ከሎ እንርእዮ ዘሎና ኹነታት እዩ። በዚ ዘበን ጸረ-ክርስቶስ ድማ ዝነሃረ ኪኸውን እዩ። መጽሓፍ ቅዱስ ሒዞም ተረኺቦም፡ ብመንግስታዊ ደረጃ በዚ እንነብረሉ ዘሎና እዋን ገበን ተቘጺሩ

ስጕምትታት እተወስዶም ብዙሕ ዛንታት ኣሎና።

በዚ ዘበን ጸረ ክርስቶስ ድማ ዘግሃዱ ናይ መጽሓፍ ቅዱስ ሰባት ምዃን ማሕረዲ ዘኸትል ገበን ኪኸውን እዩ። "ስለቲ ዝነበሮም ምስክር እተሓርዱ" እቲ ኻልኣይ ምኽንያት ናይ ሰማእትነቶም እዩ።

ኣዚኣቶም መምህራን ናይ ቃል ኣምላኽ ጥራይ ዝነበሩ ኣይኰኑን። እቲ ዘበርክትዎ ዝነበሩ ሰብኣዊ ተመክሮ ድማ እዩ ነይሩ። እቲ መንግስቲ ጸረ ክርስቶስ ንኸምዚ ዝበለ ህያው ምስክርን፡ ሓያል ትምህርትን ኺዕገሶ ኣይከኣለን። ክሳዕ ዚሓርዶም ኣሕሪቕዎ፡ ምእንቲ እቶም ዝተረፉ ኺርዕዱ ድማ እዩ ብማሕረዲ ዝቐትሎም።

ብዛዕባ እዚ ብዘበን መንግስቲ እቲ ጸረ ክርስቶስ ዝገንን ዘሎ ዓይነት ሰማእትነት፡ ታሪኽ ኣቐዲሙ ኣብነታት ብብዝሒ ይህብ እዩ።

## 3. እተሰውኡ ነፍሳት

ነዞም ሰማእታት ኪርእዮም ከሎ ዮሃንስ ከም እተሓርዱ "ነፍሳት" ከም ዝርኣዮም ይዛረብ። ከም ነፍሳት ገይሩ ኪዛረበሎም ከሎ እንታይ ማለቱ እዩ? እዞም ዮሃንስ ኣብ ሰማይ ዚርእዮም ዘሎ "ነፍሳት፣" እተሓርዱ ሰማእታት፡ ሬሳታቶም ኣብ ምድሪ ሓዲጎም ሰማይ ዚኣተዉ፡ ሰማይ ካብ ዝኣትዉ ድማ ነዊሕ ጊዜ ዘየሕለፉ፡ እቲ ምረት ስቓዮም ናይ ምድሪ ገና ዚስምዖም ዘሎ እዮም። መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ ነፍሲ ኣስፊሑ ዝህቦ ትምህርቲ ኣሕጽር ኣቢልና ንመልከቶ።

ማቴዎስ 10፡28 . . . .

"ነቲ ነፍስን ስጋን ኣብ ገሃነም ኬጥፍእ ዚክእሎ ደኣ ኣዚኹም ፍርህዎ እምበር፡ ነቶም ንስጋ ዚቕትሉ ንነፍሲ ግና ምቕታላ ዘይከኣሎም ኣይትፍርህዎም።"

እዚ ዚሕብሮ ነፍስወከፍ ሰብ ግዙፍ ኣካላት፡ ስጋ ተባሂሉ ዘሎ፡ ብኻልኦት ሰባት ድማ ኪቕተል ዚኽእል ኣለዎ። ከምኡ ኸኣ ነፍስወከፍ ሰብ ነፍሲ ዚብሃል ክፋሊ ድማ ኣለዎ። እዚ ነፍሲ ናይ ነፍስወከፍ ሰብ ብኻልኦት ሰባት ኪቕተል ዘይከኣል እዩ። እዞም ብዘበን ጸረ ክርስቶስ ዚጠርዑ ዘለዉ ድማ ነፍሳት ናይቶም ስጋኦም (ኣካላቶም) ኣብ ምድሪ ብሰማእትነት ማሕረዲ ሓዲጎም ዚመጹ እዮም።

ሉቃስ 20፡38 . . . .

ኣብርሃም፡ ይስሃቅ፡ ያእቆብ፡ በዚ የሱስ ክርስቶስ ብዛዕባ ሰለስቲኦም እናጠቐሰ ዝዛረበሎም ዝነበረ ጊዜ ብስጋ ካብ ዝሞቱ ዳርጋ ክልተ ኣሽሓት ዓመታት ገይሮም ነይሮም። ግናኸ ከም ዘይሞቱ፡ ገና ህያዋን ከም ዘለዉ ገይሩ ድማ ይዛረበሎም። እዚ ድማ ሞት ናይ ስጋ ሞት ናይ ነፍሲ ማለት ስለ ዘይኰነ እዩ።

ሉቃስ 16፡19-31 . . . .

ኣብርሃምን ኣልኣዛርን ከምኡ'ውን እቲ ሃብታም ሰብኣይን፡ ድሕርን ኪንዮን እቲ ስጋዊ ሞቶም ህያዋን ኰይኖም ዝቕጽልሉ ተመክሮ ከም ዝነበረ ዘረድእ እዩ።

ሉቃ 23፡43 . . . .

የሱስ ነቲ ምስኡ ኣብ መስቀል ተሰቒሉ ዝነበረ ከታሪ፡ ክንዮውን ድሕርን እቲ ሞት ናይ መስቀል፡ ብእኡ ድማ ዘይኣለፍ ህይወት፡ ኣብቲ ንሱ ዘለዎ፡ ኣብ ገነት፡ ከም ዝኸውን ብግልጺ ይነገሮ።

ፊሊጲ 1፡20-24 . . . .

ሃዋርያ ጳውሎስ ብዛዕባ ሞት ናይ ገዛእ ርእሱ ኪዛረብ ከሎ፡ "ረብሓይ" እዩ፡ "ክፉኖ ምስ ክርስቶስውን ክነብር

ሃረርታ ኣሎኒ፡” እናበለ ይዛረበሉ።

ዮሃንስ ድማ፡ ኣምላኽ ከሲትሉ፡ ነፍሳት ናይ እቶም በቲ ዘበን ጸረ ክርስቶስ ዝኸረረሉ ብሰማእትነት ዚሞቱ ብዙሓት ሰባት ርእዩ። ሬሳታቶም ኣብ ምድሪ ከሎ ነፍሳቶም፡ ብኹሉ ምሉእ ህያውነት ኣብ ሰማይ ምስ ኣምላኽ ነይሩ። እዚ ብዛዕባ ኣመንቲ ድሕሪ ምድራዊ ሞት ዘለዎም ህይወት ማሕታ ይሕብር።

## 4. ነፍሳት ኣብ ትሕቲ መሰውኢ

እዞም ነፍሳቶም ዮሃንስ ዝረኣዮም ሰማእታት፡ ዓው ብዝበለ ድምጺ፡ ብእህህታ እናዘከሩ ኸጠርዑ ኸለዉ፡ ዮሃንስ ሰሚዕዎም። ጻዕዳ ክዳውንቲ ለቢሶም ድማ ርእይዎም። ዚኽተሉ ሰማእታት ብጾቶም ክሳዕ ዚስዕብዎም ኺዕገሱ ከም እተነግሩ ድማ ተነጊሮም ድማ ርእዩ። እዞም እዚ ኩሉ ዝሳተፉ ዘለዉ ነፍሳት፡ ዮሃንስ፡ “ኣብ ትሕቲ መሰውኢ” ከም ዚረኣዮም የመልክት። ነዚ ነተኩረሉ . . .

መሰውኢ ኣብቲ ኣምልኮ ስርዓት ናይ ብሉይ ኪዳን ቤተ-መቕደስ፡ ቀደም፡ ኣዝዩ ክልተ ዓበይቲ ትእምርቲ ሒዙ ዝርከብ እዩ። ሓደ፡ መሰውኢ እንስሳታት፡ ተሓሪዶም ብትእምርቲ በጃ ዝውፈይሉ እዩ ነይሩ። ካልኣይ፡ መሰውኢ ዕጣን፡ ካብኡ ናብ ኣምላኽ ዝዓርገሉ ድማ ነይሩ። እዚ ትእምርቲ ናብ ኣምላኽ ዚዓርግ ጸሎት የዘኻኽር (ዘጽ 30፡1)።

ኖህ፡ ኣብርሃም፡ ይስሃቕ፡ ሙሴ ናብ ኣምላኽ ዜቕረብዎ መስዋእትታት ተመዝጊቡ ኣሎ። መሰውኢ ትእምርቲ ናይ ተበጃዊ ምሉእ ተወፋይነት፡ ብህያባትካን ውህበትካን ጥራይ ዘይኰነስ፡ ብምሉእ ህይወትካ ዚወሃብ የመልክት። መሰውኢ፡ ምልክት ናይ “ንእግዚኣብሄር ኣምላኽካ ብምሉእ ልብኻን ብኹሉ ነፍስኻን ብኹሉ ሓሳብካን” ምፍቃር እዩ (ዘፍ 22፡1-19)።

ወንጌል ማቴዎስ ኣብ 22፡37፡ እቲ ዝለዓለ ናይዚ ኣርኣያና ድማ እቲ መስዋእቲ ናይ የሱስ ክርስቶስ እዩ። እዞም ናይ ራእይ ዮሃንስ ሰማእታት ድማ ክሳዕ ክንደይ ንኣምላኽ ውፉያት ከም ዝነበሩ ኼርእየና፡ ናታቶም ነፍሳት ትሕቲ መሰውኢ ወፍዮም ንርኢ።

## 5. ጥርዓን ስዉኣት

### 5.1. ዓው ዝበለ ጥርዓን፡

የዕዘምዝሙ ኣይኰኑን ዘለዉ። ምዕዝምዛም ባህ ዘይበለካ ኵነታት ምህላዉ ምግላጽ እዩ። ምጥራዕ ግና ሕጋዊ ጕዳይ እዩ። ነቲ ብሕጊ ዚምልከቶ ኣካል ብዛዕባ እተፈጸመ ዓገብ ንበዳሊ ብምቕጻዕ ግቡእን ሕጋውን ስጕምቲ ምእንቲ ኺውሰደሉ ምምልካት እዩ። በዚ ዘበን ኣርባዕተ ኣፍራስ ብሰማእትነት እተገፍዑ ኣመንቲ ናብ ኣምላኽ ዓው ኢሎም ኺጠርዑ ከለዉ ንምልከት። ጥርዓንካ ንኣምላኽ ምንጋር ሕመቕ ኣይኰነን። ሕነ ምፍዳይ’ውን ኣይኰነን። ፍትሒ ምድላይ እዩ።

### 5.2. ጥርዓን ናብ መን?

ናብ መን ከም ዚጠርዑ፡ ናብቲ ብዝለዓለ ደረጃ፡ ብምሕረት ኰነ ብፍርዲ እቲ ቅኑዕ ናብ ዚገብር ኣምላኽ ይጠርዑ ከም ዘለዉ ተረዲእዎም ዚብልዎ ዘለዉ ንስማዕ፡ “ዎ ቅዱስ ሓቀኛ ጐይታ።”

### 5.3. ጕዳይ ጥርዓኖም፣፣

እቲ ጥርዓኖም ብዛዕባ ፍልይ ዝበለ ግፍዒ እዩ። እቶም ገፋዕቶም፡ እቶም ዝሓረድዎም፡ ኣይተኸሰሱ ኣይተፈረዱ፡ ገና ኣብ ምድሪ ብህይወት ኣለዉ። ብዛዕባ እዚ እዮም ጠሪዮም።

ሀ. “ክሳዕ መኣስ” ኪብሉ ኸለዉ፡ ዘይዘንግዐ ፍትሒ ይጽበዩ ኣለዉ።

ለ. እቲ ጥርዓኖም፡ ከምቲ ኢዶም ይርከቡ ዓይነት፡ “ሕነ ፍደዮም” እዩ። እሞ፡ እግዚኣብሄር ነቲ ምሕረቱ ዚዓጽወሉ ኾነታት ከም ዘሎ ኺዝንጋዕ የብሉን። እዞም ሰማእታት ምሕረት ኣምላኽ ዝተመጠ ኹይኑ ተሰሚዑዎም።

5.4. መልሲ ጥርዓኖም፡ ካብ መን?

ሀ. ንነፍስወከፎም ጻዕዳ ኽዳን ተዋህቦም። እዚ ምልክት ናይ ዓወቶም እዩ። ሰማእትነቶም ሕመቕ ከም ዘይኰነ፡ ብናይ ዓወት ኣተሓሳስባ ኺርድእዎ እተዋህቦም ሓበሬታ እዩ።

ለ. ዕርፍ ኪብሉ ድማ ብኣምላኽ ተነጊሮም። ውንዙፍ ዚሓደጎ ጕዳይ ከም ዘየሎ ኺርድኡ፡ ኩሉ ኣብ ኢድ እቲ ኩሉ ዚኽእል ኣምላኽ ሓዲጎም ኺዓርፉ፡ ኣብ ምድሪ ሓዲጎምዎም ዝመጹ ብጾቶም ድማ ኣምላኽ ምስኦም ከም ዘሎ ኣሚኖም ኺዓርፉ ይንገሮም። ኣምላኽ ናቱ መደባት ከም ዘለዎ፡ ከም ዘየናውሖ ድማ ከቶ ኺዝንጋዕ ዘይብሉ ሓቂ እዩ።